**ኤርትራ ሂወት ዘለዎን ዘይብሉን**
**ኩሉ ተቓሊሱልኪ።**

ካብዞም ጸየቕትስ ኣኽላባት ኤርትራ ይነቕሑ፡
ተጋዳላይ ክሓልፍ ስቕ ይብሉ ከም ዝፈርሑ፡
ደርጊ ክንቀሳቐስ ሓቢሮም ይነብሑ፡
ውሑዳት ከለዉ ከም ብዙሕ ይራብሑ።

ቀትሪ ደቂሶም ይውዕሉ ለይቲ ኣብ ሓለዋ፡
መታን ጉዕዞ ተጋዳይ ጸላእቲ ከይርእዩዋ፡
ካብ ኣምላኽዶ ወይ ሰብ ተቐቢሎም ለበዋ።

እዝስ ኣይኮነንዶ ተኣምር መስተንክር፡
ከልቢ ከም ወዲ ሰብ ሓቢሩ ክመክር፡
መን ኣሎ ካብ ሃሱሳት ከምዚ ዝገብር፡
ገና ኣይተረኽበን ዛንትኦም ዝነግር።

ኤርትራ ካባኺ ተፈጥሩ ጠላማት ገዲፍኪ፡
ቀዳማይ ጸሎቶም ንምድሓን ንዓኺ፡
ከይትሓሚ ዝሓሙ ኣብ ክንዳኺ፡
ሂወቶም ዝኸፍሉ ምእንቲ ህልውናኺ።

ኣኽራናት ሃገርና ኣዝዮም ዘሔብኑ፡
እምባ ሶይራ ኣይፈልጥ ርእሱ ኣድኒኑ፡
ጎኖም ተሰሊፉ ምስቶም ጀጋኒ፡
ዶቡ ዝሕሊ ኩሉ ኣውሲኑ።

ራስ ጉመራ በሪኽ ኣብ ጸጣሕ ጎልጎል፡
ጎበዝ ይመስል ኣርሓ ጎብለል፡
ምስ ሰራዊትና ዝሓድር ዝውዕል ከዕልል፡
ሓበሬታ ይእክብ ጸላኢ ተንከስ ከይብል።

እምባ ገደም መልክዕካ ኣሎዶ ከም ቀደም፡
ከም ተጋዳላይ ኣሕሊፍካ ብዙሕ ጸገም፡
ሳላ ጽንዓትካ ኣይተደፍረን ናይ ባሕርና ገምገም፡
ፍልልይ የብልካን “ ምን ወድ በንኣደም ”።

ክሓልፍ እስከ ኣብ እምባ ደንደን፡
ኢዱ ዘይሃበ ኢሉ ኣበደን፡
ሬሳ ጸላእቱ ዛሕዚሑ መሬት ሸተተት በደን፡
መሳኺን ሰራዊት ደርጊ ነዚ ክረኽባ ተሰዲደን።

መርሓባ ዓቢ እምባ ደብረ ሳላ፡
ምሳኻስ ኔሩኒ ብዙሕ ዘዕልለላ፡
ዝሓባእካዮ ዛንታ ኣሎ ናይ ታሪኽ ሓተላ።
ስርያእዲስ ኣብ ቅድመኻ እንድያ ተቐንጺላ፡

መጎራይብ መምህር ዕስክርናይ፡
ክዝክሮ ኣይደልን እቲ እዋን ግናይ፡
ትዝ እብለኒ ከም ዝኾነ ብቐዳማይ፡
ዘሐጉስ ግን ብሓደ ሚሒልን ኣስላማይ ክስታናይ።

ገዳማት ሃገርና ሞያኽን ዓቢ፡
ጸሎት ተዕርጋ ሰንበት ይኹን ዓርቢ፡
ሰላም ነጊሱ ኣብ ልዕለና ክዝንቢ፡
ሞጎስኽን ዓቢ እዩ ካብ ደቂ ሓደ ልቢ።

እዛ ለዋህ ሜረት መን ዘይተቓለሰላ፡
ሂወት ዘለዎን ዘይብሉን ሓደ ኮይኑ ከም ጉንቦ ማሽላ፡
ስርዓት ሃይለስላሴን ደርግን ኣፍሽላ፡
እንሆ ጃንዳ ምስ ኮራኩራ ገርኪዮም ጃላ።

ሓድነትና ይትረር ከም ዓረ።
ክንሰብሮና ኣብ ቅድመና ተገተረ።
ዘለእለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር።
ጥቅምቲ, 19, 2016.